# መብርሂ ናይ ሓበሬታዊ-ጽሑፍ / ብፍላይ ንስደተኛታት ወለዲ




## እዚ መብርሂ ንምንታይ ተዳልዩ?

እዚ ነቲ ‘ወለድን ቈልዑን (መንእሰያትን) ብዛዕባ ዘድሊ ሓገዝ (ደገፍ) ብሓባር ምውሳን’ ዝብል ሓበሬታዊ-ጽሑፍ ዝምልከት መብርሂ እዩ። ንባህላዊ ፍልልያት ንምጽባብ ብምዕላም ድማ እዚ መብርሂ ተወሳኺ ሓበሬታ ይህብ። እዚ ሓበሬታ፣ ብኸፊል ብሰብ-ሞያ፣ ባህላዊ ሞንጎኛታትን ወለድን ዝተዳለወ እዩ።

# መእተዊ



## እቲ መምርሒ፣ ተሓጋገዝቲ ምሳኻ ብሓባር ብምኧን ብዛዕባ ንዓኻ ዝሰማማዕ ሓገዝ ዝምልከት ውሳኔ ንኽወስዱ ዝሕግዝ እዩ።

ብዛዕባ ዝሰማማዕ ሓገዝ ዝምልከት ምይይጥን፣ ብዛዕባ እዚ ዝውሰድ ሓባራዊ ውሳኔን፣ ኣብ ማዕርነት ምርኩስ ብምግባር እዩ ዝካየድ። ምኽንያት ናይዚ ምይይጥ ንዓኻ ንጹር ንክኾነልካ ድማ ሕቶታት ንኽትሓትት መሰል ኣለካ። እንታይ ከምዘድልየካ ትፈልጥ ዲኻ? ተሓጋጋዚ ብዛዕብኡ ክሕግዘካ ይኽእል ድዩ? ነዚ ንምንጻር ብንጥፈት ሕቶታት ኣቕርብ፣ ከም በዓል 'ንምንታይ'፣ 'ከምኡ ክትብል እንከለኻ እንታይ ማለትካ ኢኻ'፣ 'ኣብነት ክትህበኒ ትኽእል' ዶ' ዝኣመሰሉ ሕቶታት። ነዚኦም ሕቶታት ምቕራብ ቅቡል እዩ፣ ዋላ ምናልባት ቅቡል ኣይኮነን ኢልካ ትሕስብ እንተኾንካ እውን። ናይ ሕቶታት ኣብነት ኣብቲ 'ሕቶታትን ምኽሪታትን ብዛዕባ ምስ ተሓጋገዝቲ ዝግበሩ ምይይጣት' ዝብል መቆጻጸሪ-ሊስታ ክትረክብ ትኽእል ኢኻ። እቲ ሓባራዊ ውሳኔ ድማ ንስኻን ቆልዓኻን ረብሓ ናብ እትረኽብሉ ሓገዝ ዘምርሕ ክኸውን ኣለዎ።

## ሕቶኻ ወይ ጸገምካ እንታይ እዩ?

ኩሉ ግዜ ናይ ግድን ጸገም ክኸውን ኣለዎ ማለት ኣይኮነን። ንዘይተባሃጊ ኩነት ዝምልከት ክኸውን እውን ይኽእል እዩ። ንዘለዉ ሓቅታት ብቐረባ ተዓዘቦም። ብልክዕ እንታይ እዩ ኣጋጢሙ? ንዓኻ ወይ ንቆልዓኻ ኣየናይ ዕላማ ክትጭብጥ ትደልይ? ወይ ንስኻ ገለ ነገር ንኽትቅይር ዝደልይ ካልእ ሰብ ኣሎ ድዩ?

## ካብ ተሓጋገዝቲ ናይ ሓገዝ ቆልዑትን ምክልኻል ቆልዑትን እንታይ ክትጽበይ ከም እትኽእል ፍለጥ።

እንታይ ክትጽበይ ከም እትኽእል ንምልፍላጥ፣ ኣብ ሞንጎ ወለንታዊ ሓገዝ ቆልዑትን ኣገዳዲ ሓገዝ ቆልዑትን (ምክልኻል ቆልዑት) ፍልልይ ከምዘሎ ንኽትፈልጥ ኣገዳሲ እዩ። እቲ ፍልልይ ዘይነጸረልካ እንተድኣ ኮይኑ መብርሂ ንምርካብ ሕተት። እቲ 'ብሓባር ምውሳን' ዝብል መምርሒ፣ ንወለንታዊ ሓገዝ ዝምልከት እዩ፣ ግን ድማ ቆልዓኻ ኣብ ትሕቲ ምክትታል ንኽኣቱው ዳኛ-ቆልዑት እንተድኣ ወሲኑ ን/ወይ ቆልዓኻ ካብ ገዛ ንኽውሰድ ትእዛዝ እንተድኣ ተዋሂቡን እውን ዝምልከት እዩ።

## ሓገዝ ብወለንታዊ መዳይ:

### ንስኻ ባዕልኻ ሓገዝ ንኽትረክብ ሓቲትካ ኣለኻ።

(ንኣብነት ካብ ሓኪም/ቤት-ትምህርቲ ጉጅለ ከባቢ ወይ ገዛውቲ)፣ ከምኡ እውን ሞያዊ ሓገዝ ቆልዑት ክትጥቐም ትደልይ ኢኻ። እዚ ወለንታዊ ሓገዝ ቆልዑት ተባሂሉ ይጽዋዕ፣ ምኽንያቱ ድማ ንስኻ ከም ወላዲ መጠን ባዕልኻ ሓገዝ ትሓትት ስለ ዘለኻ እዩ። ንኣብነት ብዛዕባ ቆልዓኻ ሻቕሎት ምስ ዝህልወካ፣ እዚ ከምኡ ክኸውን ይኽእል። ስለዚ ምስ ተሓጋጋዚ ዝርርብ ትጅምርን፣ ከምኡ እውን ኣብቲ ህሉው ኩነታት እቲ ዘይተባሃጊ ጉዳይ እንታይ ምኳኑ ትመያየጠሉን። ኣስተውዕል: እቲ ሓገዝ ንምርካብ እተዘራርቦ ሰብ (ንኣብነት ሓኪም፣ ቤት-ትምህርቲ፣ ጉጅለ ከባቢ)፣ መብዛሕትኡ ግዜ ንሱ ኣይኮነን ነቲ ሓገዝ ዝህብ። ንሱ ናብ ተሓጋጋዚ ዘመሓላልፈካ ሰብ እዩ።

ብምቕጻል እንተድኣ ሓገዝ ቆልዑት ንኽትጥቐም ወሲንካ፣ ንስኻ ን/ወይ ቆልዓኻ መስርሕ ምርካብ ሓገዝ ክትጅምሩ ኢኹም። እቲ 'ወለድን ቈልዑን (መንእሰያትን) ብዛዕባ ዘድሊ ሓገዝ (ደገፍ) ብሓባር ምውሳን' ዝብል ሓበሬታዊ-ጽሑፍን፣ እዚ መብርሂ ናይዚ ሓበሬታዊ-ጽሑፍን፣ ብዛዕባ ኣብ ነፍስወከፍ መድረኽ ዝውሰዱ ስጉምቲታት ብዝምልከት ብኸመይ ብሓባር ከም እትውስኑ ዝገልጹ እዮም። ብወለንታዊ መዳይ ዝወሃብ ሓገዝ፣ ብኣገዳዲ መዳይ ናብ ዝወሃብ ሓገዝ ከምርሕ ይኽእል እዩ፣ ዋላ እውን ፈለማ ንቆልዓኻ ዝኸውን ሓገዝ ንምርካብ ንስኻ ባዕልኻ ሓቲትካ ዝነበርካ እንተኾንካ።

### ጉጅለ ከባቢ/ገዛውቲ ወይ ንኣብነት ቤት-ትምህርቲ፣ ምሳኻ ርክብ ንኽገብሩ ተኽእሎ ኣሎ።

ክትተሓባብር ትደልይ ምኧንካን ዘይምኧንካን ንስኻ ባዕልኻ ክትውስን ትኽእል ኢኻ። ብዛዕባ እዚ ንጹርነት ይሃልኻ። ብዛዕብኡ ፍቓድ ከይሃብካ፣ ንሓበሬታታትካ (ኣድራሻን ቍጽሪ ተሌፎንካን) ናብ ካልእ ኣካል ንኽመሓላልፍን፣ ከምኡ እውን ምሳኻ ርክብ ንኽገብርን ንነፍስወከፍ ሰብ ዝፍቐደሉ ኣይኮነን። ብዛዕባ እዚ ትጠራጠር እንተድኣ ኮይንካ ሕተት። (ናይ ስድራ) ሞግዚት ግን ኣብ መዳይ እቲ ዝፍጽሞ/ትፍጽሞ ዕማም ናትካ ሓበሬታታት ኣለዎ/ዋ።

### ሓደ ሰብ ብዛዕባኻ ወይ ብዛዕባ ቆልዓኻ ዝምልከት ናይ ሻቕሎት ጥርዓን ክገብር እውን ተኽእሎ ኣሎ።

ካልኦት ሰባት (ንኣብነት ሓኪም፣ ቤት-ትምህርቲ፣ ጎረባብቲ) ብዛዕባኻ ወይ ብዛዕባ ቆልዓኻ ናይ ሻቕሎት ጥርዓን ናብ ምምሕዳር ከተማ ወይፋይልኽ-ታውስ [Veilig Thuis] ክገብሩ ይኽእሉ እዮም። እቲ ሻቕሎት ብዛዕባ እንታይ ምኳኑ ን/ወይ ንመን ሻቕሎት ከም ዘለዎን ንምንታይን ክጻረይ ኣገዳሲ እዩ። እዚ ኣገዳሲ ሓበሬታ እዩ። ብዛዕባ ዘለዉ ሓቅታት ምሕታት ድማ ኣገዳሲ እዩ። ናይ ግድን ገለ ዘጋጠመ ነገር ክህሉው ኣለዎ ማለት ኣይኮነን። ካብ ዘይምርድዳኣትን ኣተረጓጉማን ዝተበገሰ ክኸውን እውን ይኽእል እዩ፣ ወይ ገለ ብቀሊሉ ክዕረይ ዝኽእል ነገር ክኸውን ይኽእል። ኩሎም ናይ ሻቕሎት ጥርዓናት ብፋይልኽ- ታውስ መርመራ ናብ ምግባር ዘምርሑ ኣይኮኑን (ኣብዚ ታሕቲ ተመልከት)።

## ሓገዝ ብኣገዳዲ መዳይ:

### ቆልዓኻ ኣብ ትሕቲ ምክትታል ንኽኣቱው ወይ ካብ ገዛ ንኽውሰድ ብዳኛ ትእዛዝ ተዋሂቡ ድዩ?

ንሕና ነዚ 'ሓገዝ ብግዴታዊ መዳይ' ኢልና ንጽውዖ። ከምዚ ምስዝኸውን፣ እቲ ዝወሃብ ሓገዝ ደጊም ወለንታዊ ኣይኮነን። ንኩነት ናይቲ ቆልዓ ኣነጺርካ ንምልላይን ንምምሕያሽን ክትተሓባበር ኣለካ። ንቆልዓኻ ድማ (ናይ ስድራ) ሞግዚት ክግበረሉ እዩ።

### ናይ ስድራ ሞግዚት ኣለካ ድዩ?

ናይ ስድራ ሞግዚት፣ ተሓጋጋዚ (በዓል-ሞያ ምክልኻል ቆልዑት) ኮይኑ፣ ኣብ ትሕቲ ምክትታል ንምእታው ኣብ ዝተዋህበ ትእዛዝ (ots) ምስ ወለዲ ብሓባር ብምኧን መፍትሒታት ንምንዳይ ክሰርሕ መዝነት ዝተዋህቦ ሰብ እዩ። ኣስተውዕል: ኣብ ትሕቲ ምክትታል ናይ ምእታው ትእዛዝ ከም 'ሓገዝ' ክትርጎም ይኽእል እዩ፣ እንተኾነ ግን ካብ ሓገዝ ንላዕሊ እዩ። ኣብ ልዕሊ ቆልዓኻ ዘለካ ናይ ወላድነት መዝነት ድማ ምስቲ ናይ ስድራ ሞግዚት ኢኻ ትካፈሎ፣ ከምኡ እውን ንሱ ስምምዓት ተኽብር ምኧንካን ዘይምኧንካን እውን ይቆጻጸር። ሞግዚት ኣብ ልዕሊ ቆልዓኻ መዝነት ዘለዎ ሰብ ማለት እዩ። ቆልዓኻ ትሕቲ ዕድመ ብምኧኑን፣ ኣብ ኔዘርላንድ ንበይኑ ዝነብርን፣ ዕቑባ ንምርካብ ዘመልከተን ስለ ዝኾነን እውን ሞግዚት ክህልዎ ይኽእል እዩ።

### ሓደ ናይ ሳመን-ፋይልኽ [Samen Veilig]/ፋይልኽ-ታውስስ [Veilig Thuis] ወይ ናይ ቦርድ ምክልኻል ቆልዑት ኣባል ምሳኻ ርክብ ገይሩ ድዩ?

ንሳቶም ንውሕስነት ናይቶም ቆልዑት ንምግምጋም ብቐጥታ ዝርርብ ክጅምሩ እዮም። ኣስተውዕል: ንሳቶም ሓገዝ ኣይህቡን እዮም፣ የግዳስ ንዓኻን ነቲ ኩነትን እዮም ዝግምግሙ።

# ብዛዕባ ዝወሃብ ሓገዝ ዝምልከቱ ውሳኔታት ጥቡቕ ምይይጥ ብምክያድ እዮም ዝግበሩ።



ነቲ መቆጻጸሪ-ሊስታ ተጠቐመሉ!

## ብዛዕባ እዚ እንታይ ይሕግዝ?

- ኣብቲ መስርሕ፣ ኣብ ሞንጎኻን ተሓጋጋዚን ጽቡቕ ምትሕብባር ንኽህሉው ምእንቲ፣ ንስኻ ንኹሉ ብግቡእ ክትርድኦን፣ እቲ ኻልእ ወገን እውን ንዓኻ ብግቡእ ከም ዝርድኣካ ክኸውንን ኣገዳሲ እዩ። ስለዚ ብፍላይ ዘለዉኻ ሕቶታት ሕተት። እንተደሊኻ፣ ብዛዕባ እዚ ነቲ 'ሕቶታትን ምኽሪታትን ብዛዕባ ምስ ተሓጋገዝቲ ዝግበሩ ምይይጣት' ዝብል ናይ ሕቶታት ኣብነት ዘለዎ መቆጻጸሪ-ሊስታ ክትጥቐም ትኽእል ኢኻ።
- ኣብቲ ምይይጥ ብዙሓት ሓደስቲ ሓበሬታታት ክወሃቡ ይኽእሉ እዮም። ብቐጥታ ንኽትውስን ድማ ኣየድልየካን እዩ።

## ሓደ ሰብ ምሳኻ ንኽህሉው ሕተት

- እቲ ተሓጋጋዚ ንድሕሪት ተመሊሱ ንኽብርሃልካን፣ ነቲ ዝርርብ ንኽደግመልካን ክትሓቶ ትኽእል ኢኻ። ንሓደ እትኣምኖ ሰብ እውን ኣብቲ ዝርርብ ምሳኻ ንኽሳተፍ ክትሓቶ ትኽእል ኢኻ። ስለዚ ኸኣ ንዓኻን ንቆልዓኻን ጽቡቕ ገይሩ ዝፈልጠኩም ሰብ ሕተት፣ ጽቡቕ ሓበሬታ ዘለዎን ኣብ ምሕሳብ ክሕግዘካ ዝኽእልን ሰብ እንተኾነ ድማ ተመራጺ እዩ። እቲ ዝተባህለ ወይ ስምምዕ ዝተገብረሉ ነገራት ምእንቲ ከይትርስዖ መዘኻኸሪ እናጸሓፍካ ቀጽል።

## ንፍልልያት ቋንቋን ባህልን ኣስተውዕለሉ

- ፍልልያት ቋንቋን ባህልን ኣለዉ ድዮም? ከምኡ ምስዝኸውን፣ ዘይምርድዳእ ወይ ናይ ኣተረጓጉማ ፍልልያት ክይህልዉ ብንቕሓት ተኸታተል። ኣተርጓሚ ወይ ንኣብነት ስግረ-ባህላዊ ሞንጎኛ (ንቋንቋን ባህልን ክትርጉም ዝኽእል በዓል-ሞያ) ንኽግበረልካ ድማ ንተሓጋጋዚ ክትሓት ትኽእል ኢኻ።

## ምሕላው ግዜን ፍጥነት-መስርሕን

- ብሰንኪ ሕልኽላኽ ስራሓት ኣብያተ-ጽሕፈትን ናይ ምጽባይ እዋናትን፣ እቲ ብሓባር ናይ ምውሳን መስርሕ ንነዊሕ እዋን ዝጸንሕን፣ ብዙሕ ግዜ ዝወስድን ክኸውን ይኽእል እዩ። ተሳታፍነትካ ዓቂብካ ክትቕጽል ድማ ኣገዳሲ እዩ። ብተወሳኺ እቲ ኩነት ቀልጢፉ እንተድኣ ተነጺሩ/ንጹር ኮይኑ፣ ናይ ግድን ነዊሕ ግዜ ዝወስድ ክኸውን ኣለዎ ማለት ኣይኮነን።
- እቲ ፍጥነት-መስርሕ ንዓኻ ብተግባር ተጨባጢ ምኽኑን ዘይምኽኑን ድማ ሓብር። ንኣብነት ብምኽንያት ዝተገብሩ ኹሎም ስምምዓት ምስ ቀጻሊ ቊጽሮም እናወሰኸ ዝኸይድ ተሓጋገዝቲ፣ ናይ ምውህሃድ ግዴታ ንከኽብር ግዜ ዘይብሉ ምኽኑ ዝሕብር ስደተኛ ዝኣመሰለ።
- ከተኽብሮም ዘለካ ገደባት-ግዜ ዘለዉ ምኺኖምን ዘይምኺኖምን ንኽተጻርይ ብዝተኻእለ መጠን ቀልጢፍካ ሕተት። እቲ ዝወሃብ ሓገዝ ብኣገዳዲ መዳይ ምስ ዝኸውን እዚ ከምኡ እዩ፣ ስለዚ ንቆልዓኻ ኣብ ትሕቲ ምክትታል ንምእታው ወይ ካብ ገዛ ንምውሳድ ዝተዋህበ ትእዛዝ ዳኛ ኣብ ዝህልወሉ እዋን።

# ደረጃ ብደረጃ

እቲ ዘድሊ ሓገዝ ኣየናይ ምኳኑ ንምውሳን ክስዓቡ ዘለዎም ሽዱሽተ ደረጃታት ኣለዉ (ስእሊ ቁጽሪ 1 ተወከስ)። ኣብ ኩለን ደረጃታት እቲ ተሓጋጋዚ ምሳኻን ምስ ደቅኻን ተሓባቢሩ እዩ ዝሰርሕ።



ስእሊ ቁጽሪ 1. ሽዱሽተ ደረጃታት ኣብ ምውሳን ሓገዝ

ሓገዝ ንምርካብ ባዕልኻ ሓቲትካ ወይ ሓደ ሰብ ዘሻቕል ነገር ኣሎ ኢሉ ጠሪዑ ክኸውን ኣለዎ

1. ሕቶኻ ወይ ድማ ጸገምካ እንታይ እዩ?
2. ተወሳኺ መጽናዕቲ
3. ክትረኽቦ ትደልዮ ውጽኢት እንታይ እዩ?
4. ብሓባር ኰይንና ብዛዕባ እቲ ዝበለጸ ዝሰማማዕ (ምሹው) ሓገዝ ንውስን
5. ካብ ስድራ ቤት፣ ኣዕሩኽን ሞያውያንን ሓገዝ ወይ ደገፍ
6. ገምጋም ሓገዝ፡ ተወሳኺ ሓገዝ ዘድሊ እንተ ኰይኑ ድማ ብሓባር ምውሳን

ምዝዛም ሓገዝ

# 1. ሕቶኻ ወይ ጸገምካ እንታይ እዩ?



## ዝሰማማዕ ሓገዝ ንምርካብ፣ መጀመርታ ንስኻ ምስ ተሓጋጋዚ ብሓባር ብምዃን እንታይ ከም ዘጋጠመ ብዝርዝር ኣነጽሮ።

ንገዛእ ርእስኻን ነቲ ኩነታትን ድማ ብግቡእ ግለጽ። እቲ ናይ ሓገዝ ሕቶ ወይ ኣገላልጻ-ቃላት ናይቲ ጸገም፣ ከምቲ እቲ ተሓጋጋዚ ጽሚቑ ኣቕሪብዎ ዘሎ ቅኑዕ ድዩ? ወይ ከምቲ ዳኛ ኣብቲ ናይ ቤት-ፍርዲ ውሳኔ (እዚ ምጅማር ናይ ኣገዳዲ ሓገዝ እዩ) ጠቒስዎ ዘሎ ድዩ? ትዕዝቢታት ተጨበጥቲ ሓቅታት ክኾኑ ኣለዎም። ንኣገላልጻታት-ቃላት ክትእርሞምን፣ ኣድላይ ኮይኑ እንተድኣ ተረኺቡ ድማ መመላእታ ክትገብረሎምን ትኽእል ኢኻ።

## ሕቶ ወይ ጸገም (ደጊም) ዘይብልካ ወይ ዘየጋጠመካ ንኽትከውን ተኽእሎ ክህሉው ይኽእል እዩ።

ንዓኻ ወይ ንቆልዓኻ ብዛዕባ እንታይ ሓገዝ ከም ዘድልየኩምን ከም ዘየድልየኩምን ብንጹር ንገር። ሕቶታት እንተድኣ ዘይብልካ ኮይኑ ወይ (ደጊም) ሓገዝ ዘይትደልይ እንተድኣ ኮይንካ፣ ብዛዕብኡ ክትዛረብ ትኽእል ኢኻ። ተገዲድካ ዝወሃብ ሓገዝ እንተድኣ ኣሎ ኮይኑ ግን፣ ነቶም ዕላማታት ብዓወት ጨቢጥካዮም ከምዘለኻ ከተርእይን፣ ከምኡ እውን ብዘይ (ሞያዊ) ሓገዝ ክትቕጽል ትኽእል ክትከውንን ኣገዳሲ እዩ። ነዚ ድማ ንኣብነት ድሮ እንታይ ፈሊጥካ ከምዘለኻ፣ ብዛዕባ እንታይ ሓሲብካ ከምዘለኻ፣ እንታይ ኣዋዲድካ/ጸገም ፈቲሕካ ከምዘለኻ፣ መን ብዛዕብኡ ክሕግዘካ (ይኽእል) ብምርኣይ ክትገብሮ ትኽእል።

ምናልባት እቲ ሓገዝ ዘይሰማማዕ ብምዃኑ፣ እንተድኣ ሓገዝ ዘይተድልይ ኮይንካ ወይ ካልእ ሓገዝ ምስ እትደልይ፣ ንጹርነት ይሃልኻ። ብርግጽ ሓገዝ ንኽትረክብ ኣብ ዝቐደመ መድረኽ ንተሓጋጋዚ ፍቓድ ሂብካ እንተድኣ ኣለኻ ኮይንካ። እንተድኣ ቀጥታዊ ብዘይኮነ መንገዲ ኣነጺርካ፣ እዚ ግጉይ ርድኢት ክወሃቦ ይኽእል እዩ፣ ከምኡ እውን እዚ ዝስዕብ ኣብነት ከምዘብርሆ ምስቲ ተሓጋጋዚ ንዝህሉው ምትሕብባር ሕማቕ እዩ፦ ‘ወለዲ ሓገዝ ንክረኽቡ ተሰማሚዖም ነይሮም፣ እንተኾነ ግን ሕጂ ንዝገበርዎም ስምምዓት የኽብሩ የለዉን፣ ከምኡ እውን ንዓይ (ተሓጋጋዚ) ይጎስዩኑ ኣለዉ። ኣብ ኣፍደገ ማዕጾ ቤት ጠጠው ምስ ዝብል ወይ ምስ ዝድውለሎም፣ መልሲ ኣይህቡን እዮም።’

## ቆልዓኻ ኣብ ገዛ ውሕስነት ኣለዎ ድዩ?

- ኣብ ኔዘርላንድ ‘(ዘይ)ውሕስነት’ ከምኡ እውን ‘ጸገም’ ዝብሉ ኣምራት ሰፊሕ ትርጉም ዘለዎም ምኳኖም ተገንዘብ። እዚኦም ካብቲ ዝለመድካዮ ንላዕሊ ኣዝዩ ዝተፈልየ ትርጉም ዘለዎም ክኾኑ ይኽእሉ እዮም። ስለዚ ድማ እቲ ተሓጋጋዚ ‘ውሑስ ወይ ‘ዘይውሑስ’ ክብል እንከሎ፣ ብጭቡጥ እንታይ ማለቱ ምዃኑ ብምሕታት ንኽተጻርይ ፈትን።
- ኣብቲ ጽሑፍ ‘ቆልዓኻ ኣብ ገዛ ውሕስነት ኣለዎ ድዩ?’ ዝብል ተጠቒሱ ኣሎ። እዚ ካብ ገዛ ወጻኢ፣ ቆልዓኻ ዘይውሑስ ዝኾነሉ ካልእ ቦታ ክኸውን እውን ይኽእል እዩ።

## እንታይ እዩ ኣጋጢሙ ዘሎ?

ኩነታት ንባዕሎም ምስዝደጋገሙ፣ ብግርህና ዝተገብሩ ጉዳያት እውን ብዛዕባ ዘይውሕስነት ሕቶታት ንኽለዓሉ ኣበርኪቶ ክህልዎም ይኽእል እዩ። ባህላዊ ፍልልያት ናይዚ ምኽንያት ክኾኑ ይኽእሉ እዮም። ኣዝዮም ዓበይቲ ፍልልያት ድማ ናይ ሻቕሎት ጥርዓን ናብ ምግባር ከምርሑ ይኽእሉ እዮም። ገና ዘይትፈልጦም ክሳብ ዝኾንካ፣ ትጽቢታት ናይ ሰባት እውን ናብ ዘይምርድዳእ ከምርሑ ይኽእሉ እዮም። ቤት-ትምህርቲ ናይ ቆልዓኻ ንዘለዎ ትጽቢታት ከም ኣብነት ክንህብ፡ ንኣብነት እቲ ቤት-ትምህርቲ፣ ንሕጋጋት ቤት-ትምህርቲ ንኽትፈልጦም ካባኻ ትጽቢት ይገብር እዩ፣ ከም በዓል ብመንገዲ ናይ ቤት-ትምህርቲ ኣፕ ርክብ ክትገብር፣ ንቆልዓኻ ምስ ወቕቲታት ዝሳነዩ ክዳውንቲ ክትከድኖ፣ ናይ መሓምበሲ ክዳውንቲ ንኽማላእ ክትህቦ፣ ናይ መጽናዕቲ መዓልታት ምስዝህልዉ ክትፈልጦም፣ ኣብ ሰዓትካ ክትመጽእ ወ.ዘ.ተ.።

ንኩነትካን ንምንታይ ባህላዊ ፍልልይ ክህልው ከም ዝኽእልን ግለጽ፣ ዋላ እውን ንዓኻ ብቐጥታ ዘይተዛረቡኻ እንተኾኑ ከምኡ ግበር። ስለዚ እቶም ክትረኽቦም ዘለካ ሰባት ወይ ተቕዋማት፣ ንናትካን ናይ ቆልዓኻን ባህሊ ከም (ዝላለይዎ) ዝፈልጥዎ ከምኡ እውን ከም ዝርድእዎ ኣረጋግጽ። ንኣብነት መምህር ብዛዕባ ቆልዓኻን ባህሉን ዝያዳ ኣፍልጦ ምስዝህልዎ፣ ንቈልዓኻ ብዝበለጸ ክርድኦ እዩ።

ብዛዕባ ‘ኣብ ስግኣት ዝወደቐ ምዕባለ ናይ ቈልዓኻ’ ምስ እትሰምዕ፣ እቲ ኣሰጋኢ ጉዳይ እንታይ ምዃኑ ብመንጽር ናይ ኔዘርላንድ ሕግታት፣ ልምዲታትን ክብሪታትን ዝረኣይ ምዃኑ ንኽትፈልጦ ንዓኻ ኣገዳሲ እዩ። ብዛዕባ ስግኣት ምዕባለ ናይ ቈልዓኻ ዝምልከት ጥርዓን ብዝተፈላለዩ ሰባት ክግበር ይኽእል እዩ። ንኣብነት ሓኪም፣ ‘ናይ ቈልዓኻ ነድሪ እዝኒ ተሓክሞ ከምዘየለኻ’ ጥርዓን ክገብር ይኽእል እዩ። ወይ ቤት-ትምህርቲ ‘ቈልዓኻ ካብቶም ሓሙሽተ ናይ ትምህርቲ መዓልታት፣ ክልተ መዓልታት ካብ ቤት-ትምህርቲ ይቦክር ምህላዉን፣ ብሰንኩ ድማ ኣብ ትምህርቲ ይዝሕትል ምህላዉን’ ጥርዓን ክገብር ይኽእል እዩ።
ኣብ ሃገረ ሆላንድ ወለዲ ንውላዶም ናብ ቤት ትምህርቲ ክሰድዎም ግዴታ ኣለዎም። ወለዲ እዚ ክገብሩ ብዘይምኽኣሎም፡ ቈልዓ ካብ ቤት ትምህርቲ እንተ ኣብኲሩ፡ ተቛጻጻሪ ናይ ትምህርቲ ይመጾም።
ኣብ ሃገረ ሆላንድ ወልዲ ንውላዶም ናብ ትምህርቲ ክሰድዎ ግዴታ ኣለዎም።



# 2. ቀጻሊ መርመራ



## ብዙሓት ጸገማት ምስዝህልዉ፣ ተወሳኺ መርመራ የድልይ እዩ።

- እንተድኣ ተወሳኺ መርመራ ወይ ፈተናታት ዘድልይ ኮይኑ፣ ንምንታይ ምኺኑ ሕተት? ቀንዲ ቦታ ዝሕዙ ሕቶታትን ጸገማትን ኣየኖት እዮም? ኣየናይ ተርታ መስርዕ ብምኽታል? እንታይ ውጽኢታት ንምርካብ ትጽቢት ከግበር ይከኣል?

- ናይቲ ጸገም ትንተና ኣብ ዝግበረሉ እዋን፣ እንታይ ጽቡቕ ይኺይድ ከምዘሎ እውን ብንጹር ክትሕብር ኣገዳሲ እዩ። ብዛዕባ እዚ ኣፍልጦ ንኽህልዎ ድማ ምስ ተሓጋጋዚ ተመያየጠሉ።

- እንታይ ሕማቕ ይኺይድ ከምዘሎ ንኽትገልጽ ጻቕጢ ክስማዓካ ይኽእል እዩ። እቲ ቀንዲ ኣገዳሲ ነገር፣ ንቖልዓኻ ንምሕጋዝ ዝበለጸ ክትገብር ትደልይ ምዃንካ ከተርእይ ምኽኣልን፣ ነዚ ብኸመይ ትገብሮን እዩ። ኣብቲ ጽቡቕ ዘይከይድ ዘሎ ነገራት ኣዝዩ ብዙሕ ኣተኩሮ ምስዝግበር፣ ኣብቲ ጽቡቕ ዝኸይድ ዘሎ እውን ኣተኩሮ ንኽግበር ሕተት። እንታይ ጽቡቕ ይኺይድ ከምዘሎ ብምንጋር፣ እቲ ተሓጋጋዚ ንሓያል ጎድንኻን ብርታዐኻን ንኽግንዘቦን ክብሪ ንኽህቦን ሓግዞ፡ ንስኻ (ከምኡ እውን ቆልዓኻ) ኣብ ምንታይ ንፉዓት ምዃንኩም፣ ናትካ (ከምኡ እውን ናይ ቆልዓኻ) ሓያል ጎድኒ ኣየኖት ምዃኖም፣ ንስኻ (ከምኡ እውን ቆልዓኻ) ብርታዐ ካበይ ከም እትሰንቐ፣ ከምኡ እውን ካብ መን ደገፍ ከም እትረኽቡ (ከምኡ እውን ቆልዓኻ ካበይ/ካብ መን ደገፍ ከም ዝረክብ)።

- ናይ ቤት-ፍርዲ ውሳኔ ኣሎ ድዩ? ከምኡ ምስዝኸውን፣ እዚ ኣገዳዲ ሓገዝ ንኽህሉው መሰረት ዘንብር እዩ። ስለዚ ድማ ነቶም ኣብቲ ውሳኔ ተጠቒሶም ዝርከቡ ነጥቢታት ብዝምልከት ክትሰርሕ ኣለካ፣ ከምኡ እውን ከም ዝተፈትሑ ብጭብጢ ከተረጋግጽ ኣለካ። ምስ ተሓጋጋዚ ወይ ምስ ናይ ስድራ ሞግዚት ብሓባር ብምዃን ኸኣ፣ ብዛዕባ ንዓኻን ንቆልዓኻን ብዝበለጸ ዝሰማማዕ ሓገዝ ብዝምልከት ክትውስን ኢኻ።

- ኣብቲ ውሳኔ ዝርከቡ ነጥቢታት ቅኑዓት ድዮም? ወይ ዳኛ ብዛዕባኻ ወይ ብዛዕባ ቆልዓኻ ዝምልከት ዝተወሰነ ሓበሬታ ገና ኣይተቐበለን ኣሎ ድዩ? ከምኡ ምስኸውን፣ ብዛዕባ እዚ ምስ ተሓጋጋዚ ወይ ናይ ስድራ ሞግዚት ተዘራረብ።

- እቲ ጸገም እንታይ ምዃኑ ን/ወይ ኣመዓባብልኡ ከመይ ምዃኑን ብዝምልከት ምስ ተሓጋጋዚ ወይ ናይ ስድራ ሞግዚት ፍልልይ ክህልወካ ይኽእል እዩ። ብዛዕባ ዝወሃብ ሓገዝ ዝምልከቱ ውሳኔታት፣ ኣብ ሞንጎኻን ተሓጋጋዚን ብዝካየድ ጥቡቕ ምይይጥ ክግበሩ ኣለዎም። ብዛዕባ ባህልኻን፣ ንጸገማት ብኸመይ ከም እትገልጾምን ከም እትፈትሖምን ብዝምልከት ኣፍልጦ ዘይምህላዉ ኣብ ግምት የእትዎ። ንኣብነት ሓንቲ ኩሉ ግዜ ኣዝያ ህድእቲ ዝነበረት 15 ዓመት ዝዕድሚኣ ጓል፣ ኣዲኣ ብዝበለቶ መሰረት ሃንደበት መስመራ ስሒታ ሓንጊዳ፣ ኣዲኣ ከም እትብሎ ንዓኣ ዓይኒ ሰብ እዩ ወዲቕዋ። ተሓጋጋዚ ካልእ ጠንቂታት እዩ ዘናድይ፣ ብሰንኩ ድማ ሓባራዊ ውሳኔ ንምውሳድ ዝምልከት ምይይጥ ክህሉው ኣይክእልን እዩ። ስለዚ ድማ ዝህልዉ ናይ ኣረኣእያ ፍልልያት ብዝምልከት ምምይያጥ ንምግባር ድሉው ምዃን ኣገዳሲ እዩ። ድሉው ምዃንካ ንኸተርእይ ድማ ኣገዳሲ እዩ። ንስኻ ወላዲ ከም ምዃንካ መጠን፣ ብዛዕባ ክህልዉ ዝኽእሉ መፍትሒታትን ውሳኔታትን ምይይጥ ትገብር ዘይኮንካ ዘለኻ፣ የግዳስ ብዛዕባ ቈልዑት ናይ ምዕባይ ዘለካ ብቕዓትን ንኽትተሓባበር ዘለካ ድሉውነት/ዘይድልውነት ብዝምልከት ዝያዳ ትፍረድ ዘለኻ ኮይኑ ክስምዓካ ይኽእል እዩ። ከምዚ ኣብ ዝኾነሉ እዋን ብዛዕብኡ ሓብር።ንኣብነት ነቲ ተሓጋጋዚ ብዛዕባ ኣተዓባብያ ቈልዓ ኣብ ሃገርካ ክፈልጥ ዝደሊ እንተ ኮይኑ ሕተቶ። ክህልዉ ዝኽእሉ መፍትሒታት ተነጺሮም ከይተለለዩ፣ ብዛዕባ ብዝበለጸ ዝሰማማዕ ሓገዝ ብሓባር ንኽትውስን ኣይትኽእልን ኢኻ።

## ምውሳድ ፈተናታት

እንታይ ክምርመር ምዃኑ ወይ ዘይምዃኑ ብዝምልከት ጽልዋ ምእንቲ ክህልወካ ተሳትፎኻ ዓቂብካ ቀጽል። እዚ ንምንታይ ኣገዳሲ ምዃኑ እዚ ዝስዕብ ኣብነት ከብርሆ እዩ፡ 'ናይ ሓደ ቆልዓ ጠባይ ኣብ ክፍሊ ፍልይ ዝበለ ስለዝኾነ፣ መምህር ናይቲ ቆልዓ ፈተና ክወስድ ደልዩ፡ እቲ ቆልዓ ዝተኣዘዘ ብግቡእ ዘይሰምዕ፣ ኣዝዩ ውዑይ፣ ኣቓልቦኡ ብቐሊሉ ዝጥምዘዝን ብግቡእ ክሰርሕ ዘይክእልን እዩ። ኣቦ ናይቲ ቆልዓ፣ እቲ ቆልዓ ንስርዓት-ትምህርቲ ኔዘርላንድ ገና ዘይተለማመዶ ምዃኑን፣ ከምኡ እውን ከም በዓል ቅርጺ፣ ገዛእ ርእስኻ ከኢልካ ምስራሕ፣ ሕቶታት ምሕታትን ዝኣመሰሉ ጉዳያት ክለማመዶም ከምዘለዎን መብርሂ ድሕሪ ምሃቡ፣ እቲ መምህር ንጠባይ ናይቲ ቆልዓ ብኻልእ መንገዲ ርእይዎ።'

ኹሉም ፈተናታት ዝሰማምዑ ዘይምዃኖም ኣብ ግምት የእትዎም። ገሊኦም ፈተናታት ንኹሉም ባህልታት ብቑዓት ኣይኮኑን፣ በዚ ምኽንያት ድማ ውጽኢታቶም ዝተመዛበሉ ክኾኑ ይኽእሉ እዮም። ብሓባር ቅድሚ ምውሳድካ ብዛዕባ እዚ ብግቡእ ተመያየጠሉ።



# 3. እንታይ እዩ ዕላማኻ፧





- ንስኻ ከም ወላዲ ኣገዳሲ ትብሎ እንታይ`ዩ፧ ስለምንታይ`ከ፧ ንዓኻ ዝኸውን ፍታሕ ኣየናይ ኢዩ፣ ኣየናይ`ከ ኣይኮነን፧ ስለምንታይ፧ ኣስተዋጽኦኻ ኣገዳሲ ኢዩ። ዕላማኻ ኣብ ምሕንጻጽ ብንጥፈት ሕሰብ።

- ሓገዝ ንምንታይ ከምዝወሃብ ሕተት፧ ንኣብነት፣ ናይ ትምህርቲ ኣፕ ኣብ ምጥቃም ወይ ንውላድካ ኣብ ምሕጋዝ ሓገዝ የድልየካ ዲዩ፧ ንስኻን ውላድካን ብጭቡጥ እንታይ ከምዘድልየኩም ብምጥቃስ፣ እቲ ዝሰዕብ ምኽርን ሓገዝን ብግቡእ ነቲ ንስኻን ወይ ውላድካን ዘቐረብኩሞ ሕቶ ናይ ሓገዝ ዝምልስ ይኸውን።

- ብዛዕባ ኣብ ነዘርላንድ ክትረኽቦም ትኽእል ዝተፈላለዩ ሓገዛት ሕተት።
ናይ ነፍሲወከፍ ምርጫ ኣወንታውን ኣሉታውን ሸነኻቱ ኣለሊ። ግዳማዊ ዝኾነ ሓገዝ ዘይምጥቃም ኣወንታውን ኣሉታውን ሸነኻቱ እንታይ ኢዮም፧ ሓድሓደ ግዜ ካብ ሰብ ሞያ ይኹን ወይ ካብ ኣብ ከባቢኻ ዘሎዉ ሰባት ምኽሪ ብምቕባል ጸገማት ብቐሊል ክፍትሑ ይኽእሉ ኢዮም። ብዛዕባ ንዓኻን ንውላድካን ኣገደስቲ ዝኾኑ ነገራት ተመያየጥ።
ብዛዕባ ተነቀፍቲ ባህላዊ ነገራት(ንኣብነት ሓገዝ ብቛንቛ ኣደ) ከምኡውን ዝከኣል ምርጫታት (ንኣብነት ቦታ)ሕሰብ።
ኣብዚ እዋን ኲነታትካ ከይመሓየሸ ዝዕንቅጾ እንታይ ኣሎ፧ ምናልባት ናይ ምምሕዳር ሽግር ወይ ተግባራዊ ምኽንያት ክኸውን ይኽእል ኢዩ።
ብሓንሳብ ኮይና ኣየናይ ምርጫ ከምዝሓይሽ ክንውስን ኢና።

- እቲ ሓገዝ ዋላ ብዛዕባ ኣድምንስትረይሽን ወይ ድማ ዝኾነ ክሳለጥ ዘለዎ ጉዳይ ክኸውን ይኽእል። ኣብዚ እዋን ዚ እንታይ ይዕንቅፈካ ንኽተመሓይሾ፧



# 4. ብሓባር ኮይንና እቲ ዝሓሸ ሓገዝ ንውስን።

- ንዓኻን ንስድራ-ቤትካን ዝሰማማዕ እንታይ ምዃኑ ንስኻ ኢኻ ብዝበለጸ እትፈልጦ። ሓደ ሓደ ግዜ ብዛዕባ ኹሉም ዘለዉ ተኽእሎታት ኣፍልጦ ዘይብልካ ክትከውን ትኽእል ኢኻ። እቲ ዘሎ ርክብን ምትሕብባርን ጽቡቕ ምስዝኸውን፣ እዚ ዝሰዕብ ኣብነት ከም ዘነጽሮ ምስ ተሓጋግዚ ብሓባር ብምዃን ዝሰማማዕ መፍትሒ ምርካብ ዝበለጸ እዩ፡ "ትምህርቲ ንኽከታተል ምእንቲ ክኽእል፣ ናተይ ተሓጋጋዚት መውዓሊ ሕጻናት ንኽጥቐም ምኽሪ ሂባ። ኣነ ነዚ ኣይደለኹዎን ነይረ። ንሳ ንዓይ እንታይ ኣገዳሲ ምዃኑን፣ ኣነ ንባዕለይ ብኸመይ ከም ዝዓበኹን ሓቲታትኒ። ሽዕኡ ምሳይ ክትደልይ ጀሚራ፣ ከምኡ እውን ካልእ መፍትሒ ማለት ኣኣንጋዲት-ኣደ ረኺባ። ንሕጻነይ ድማ ኣብኡ ምስኣ ንኽሓድጎ ደፊረ።"

- ድሕሪ ውሳኔ፣ መስርሕ ምሃብ ሓገዝ ይጅምር። ነዚ ብዝምልከት ኪታምካ ንከተንብር ክትሕተት ትኽእል ኢኻ። ብዛዕባ እንታይ ኪታምካ ተንብር ምህላውካ ክትፈልጥ ድማ ኣገዳሲ እዩ። እዚ ንዓኻ ንጹር ምስዘይከውን፣ ሓገዝ ሕተት።

- ምስቲ ምኽሪን ዝተወስደ ውሳኔን ዘይትሰማማዕ እንተድኣ ኮይንካ፣ ወይ እዚ ዘይሰማማዕ ወይ ሓጋዚ ዘይኮነ ኮይኑ ምስ ዝስምዓካ፣ ብዛዕባ እዚ ብጭቡጥ ክትሕብር ኣገዳሲ እዩ። ብዛዕባ እንታይ ኢኻ ዘይትሰማማዕ፣ ከምኡ እውን ንምንታይ? እንታይ ዕላማ ክትጭብጥ ከም እትደልይ ከም ብሓድሽ ደጊምካ ሕሰበሉ። ምይይጣት ተኻይዶም ነይሮም ምስዝኾኑ ን/ወይ መርመራ ዝተገብረ ምስዝኸውን ን/ወይ ውሳኔ ዝተወስደ ምስኸውን፣ ናይ ምይይጥ ጸብጻባት/ናይ መርመራ ጸብጻባት ንኽትረክብ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ። እዚኣቶም ድማ ኣብ ፋይልካ ዝርከቡ እዮም።

## ፋይልካ

- ኣብ ፋይልካ ዝርከቡ ሓቅታት ቅኑዓት ምዃኖምን ዘይምዃኖምን ተቆጻጸሮም። ንስኻ ዘበርከትካዮም እትዋትን ሓያል ጎድንኻን ኣብ መጀመርታ ናይቲ ጸብጻብ/ፋይል ዝተጠቓለሉ ምዃኖምን ዘይምዃኖምን ተቆጻጸሮም። ቅኑዕ ዘይኮነ እንተድኣ ኮይኑ፣ ምስ ተሓጋጋዚ ርክብ ግበር። ነዚ ድማ ብመንገዲ ኢ-መይል እንተገበርካዮ ይምረጽ፣ ርእይቶኻ ብጽሑፍ እውን ምእንቲ ክምዝገብ።

- ሓደ ሓደ ግዜ ተሓጋጋዚ ንመሳርሕቱ ሓበሬታ ከካፍሎ ይደልይ እዩ። ከምኡ ምስዝኸውን፣ እቲ መሳርሕቱ ዝበሎ ተመሊሱ ክሕብረካ እዩ። ብዛዕባ ቈልዓኻ ወይ ብዛዕባኻ ዝምልከት ሓበሬታ ንምክፋል ብዝምልከት ፍቓድ ክትህብ ኣለካ። እዚ ንኽግበር ዘይትደልይ እንተድኣ ኮይንካ፣ ብዛዕብኡ ንተሓጋጋዚ ብንጹር ሓብሮ።



# 5. ሓገዝ ወይ ደገፍ ካብ ቤተ ሰብ፡ ኣዕሩኽ መሓዙት፡ ወይ ድማ ሞያዊ ሓገዝ



## ሓገዝ ኣብ ቀረባኻ ካብ ዝርከብ ከባቢኻ

- ንዓኻ ወይ ንቆልዓኻ እንታይ የድልየኩም? ሓደ ሓደ ግዜ ሞያዊ ሓገዝ ምርካብ ኣድላይን ዝሰማማዕን እዩ። ሓደ ሓደ ግዜ ድማ እቲ ካብ መርበብካ (ንኣብነት ቤተሰብ፣ ኣዕሩኽ/መሓዙት፣ ጎረባብቲ፣ ወለንተኛታትን ናይ ቋንቋ ኣሰልጣኒኻን) እትረኽቦ ሓገዝ እኹል እዩ። መን ክሕግዘካ ከም ዝኽእል ወይ ከም ዝደልይ ብጥንቃቐ ሕሰበሉ። ምስኦም ብሓባር ብምኧን ክህልዉ ዝኽእሉ መፍትሒታት ኣነጺርካ ኣለልዮም።

  ኣብ ከባቢኻ ካብ ዝርከቡ እትኣምኖም ሰባት ሓገዝ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ። ንሳቶም ኣካል ናይ ማሕበራዊ መርበብካ እዮም። ኣብ ምሕሳብ ድማ ክሕግዙኻ ይኽእሉ እዮም፤ እዚ ኸኣ ከም ወላዲ መጠን ንዘለካ ቦታ ዘሐይል እዩ።ምስ ተሓጋጋዚ ዝርርብ እንተ 'ለካ ድማ፡ ምሳኻ ክኾዱ
  ክትሓቶም ትኽእል ኢኻ።

- ብዝኾነ ምኽንያት ንዘለካ ማሕበራዊ መርበብ ብጋህዲ ከተፍልጥ ዘይትኽእል ወይ ዘይትደልይ ምስ እትኸውን፣ ንምንታይ ከምኡ ምኧኑ ሓብር። እንተዘይኮይኑ እቲ ተሓጋጋዚ ማሕበራዊ መርበብ ዘይብልካ ምኧንካ መደምደምታ ክገብር ይኽእል እዩ፣ ልክዕ ከምዚ ኣብዚ ዝስዕብ ኣብነት ተጠቒሳ ዘላ 18 ዓመት ዝዕድሚኣ ነፍሰጾር። መሕረሲት ነታ ጓል ኣብቲ ናይ መወዳእታ ጥንሳ፣ ንሕርሲ ኣብ እትቐርበሉ እዋን መን ክሕግዛ ከም ዝኽእል ሓቲታታ። ንሳ ዝሕግዛ ማሕበራዊ መርበብ ዘለዋ ከነሱ፣ ካብቲ ብዛዕባ ዘለዋ ማሕበራዊ መርበብ ዝምልከቱ ሕቶታት ንምእላይ 'ወላሓደ ሰብ የለን' ብምባል መሊሳ። እዚ ንዓኣ እንታይ ሳዕቤናት ከስዕባላ ምኧኑ ኣይፈለጠትን ነይራ። ስለዚ ድማ ንሳ ናብ መንእሰያት ኣዴታት ዝዕቀባሉ ቦታ ንኽትግዕዝ ጸቕጢ ተገይሩላ፣ ክሕግዛ ዝኽእል ጽቡቕ ማሕበራዊ መርበብ ዝነበራ ብምኧና ኸኣ ነዚ ኣይደለየቶን ነይራ።

## ናይ ባዕልኻ ናይ ትግባረ ውጥን ምድላው፡ ውጥን ጉጅለ ቤተሰብ

- መጀመርታ ነቲ ኩነት ብኸመይ ባዕልኻ ክትፈትሖ ከም እትደልይ ዝገልጽ ጭቡጥ ውጥን ንኸተዳሉው መሰል ኣለካ። እዚ ድማ ካብ ኣካል ማሕበራዊ መርበብካ ዝኾኑ ሰባት ሓገዝ ብምርካብ ወይ ብዘይ ሓገዝ ክግበር ይከኣል እዩ፣ ከምኡ እውን ምድላው 'ውጥን ጉጅለ ቤተሰብ' ተባሂሉ ይጽዋዕ። ኣስተውዕል፡ ውጥን ጉጅለ ቤተሰብ ኣብ ዘዳለኻሉ እዋን፣ እዚ ናይ ትግባረ ውጥን ብቐጥታ ወግዓዊ ቦታ ይሕዝ! ኣብ ትሕቲ ምክትታል ንምእታው ዝተዋህበ ትእዛዝ ዳኛ ምስዝህሉው፣ እቲ ውጥን ናብ ቤት-ፍርዲ ኣብ ዝርከበሉ እዋን፣ ብሞግዚት ስድራ እውን ከምዝጸድቕ ክግበር ኣለዎ። ንሱ እቲ ውጥን ኣብ ዝዳለወሉ እዋን ምሳኻ ንኽህሉው ኣየድልዮን እዩ፣ እንተኾነ ግን ከምኡ ምግባር ይከኣል እዩ።

- ናይ ባዕልኻ ውጥን ኣብ ምድላው ክሕግዙኻ ዝኽእሉ ድማ፣ ከም በዓል ኣይኸን ክራኽት ሰንትራለ [Eigen Kracht Centrale] ዝኣመሰሉ ትቕዋማት ኣለዉ። እቲ ተሓጋጋዚ ወይ ናይ ስድራ ሞግዚት ምስኦም ንኽትራኸብ ክሕግዘካ ይኽእል እዩ። ብዛዕባ እዚ ዝምልከት ተወሳኺ ሓበሬታ ኣብ ኢንተርነት ክትረክብ ትኽእል ኢኻ።

## ምስ ተሓጋጋዚ ብሓባር ብምኧን ውጥን ምድላው

- እንተድኣ ባዕልኻ ውጥን ጉጅለ ቤተሰብ ዘየዳለኻ፣ ምስ ተሓጋጋዚ ብሓባር ብምኧን ውጥን ከተዳሉው ኢኻ።

- ኣካል ናይ ማሕበራዊ መርበብካ ዝኾኑ ሰባት ናብቲ ምስ ተሓጋጋዚ ዝህልወካ ምይይጥ ምሳኻ ክኸዱ ድማ ይኽእሉ እዮም። ዘድልየካ እንተድኣ ኮይኑ ነዚ ተጠቐመሉ። ኣካል ናይ ማሕበራዊ መርበብካ ዝኾኑ ሰባት ኣብ ኩሎም ደረጃታት ንዓኻን ንቆልዓኻን ኣብ ምሕሳብ ክሕግዝኹም ይኽእሉ እዮም።

- ኣየናይ ሓገዝ ዝሰማማዕ ምኧኑ ብሓባር ድሕሪ ምውሳንኩም፣ ውጥን ምሃብ ሓገዝ ይስዕብ። እቲ ውጥን ምስ ትጽቢታትካ ዝሳነይ ድዩ? ነቲ ውጥን ኣንብቦ ወይ ጽሚቕ ትሕዝቶኡ ንኽወሃበካ ሕተት።

- ብቐጥታ ሓገዝ ከም ዘይትረክብ ድማ ተገንዘብ። ናይ ተጠባበቕቲ ሊስታታት ክህልዉ ይኽእሉ እዮም። ክርከብ ዝከኣል ሓገዝ እውን ከምቲ ምምሕዳር ከተማ ክፈላለይ ይኽእል እዩ። እንታይ ዝከኣል ወይ ዘይከኣል ምኧኑን መዓስን ንዓኻ ንጹር ክኾነልካ ኣለዎ። ኣብ ትሕቲ ምክትታል ንምእታው ወይ ንቆልዓ ካብ ገዛ ንምውሳድ ዝምልከት ዝተዋህበ ናይ ቤት-ፍርዲ ውሳኔ ኣብ ዝህልወሉ እዋን፣ እዚ ኣገዳሲ እዩ። ከምኡ ምስዝኸውን፣ እቲ ጸገም ክፍትሓሉ ዘለዎ ቤት-ፍርዲ ዘቐመጦ ገደብ-ግዜ ንኽትፈልጦ ኣገዳሲ እዩ።

- ብዛዕባ ዝተፈላለዩ ጠለባት ሓገዝ ምስ ዝተፈላለዩ ትቕዋማትን ተሓጋገዝትን ክትራኸብ ተኽእሎ ከምዘሎ ድማ ተገንዘብ። ንምክትታሉ ዘለካ ሓፈሻዊ ርድኢት ከይጠፍኣካ እንተድኣ ሰጊኢካ፣ ሓደ ሰብ ብዛዕብኡ ንኽሕግዘካ ሕተት። ንተኣፋፍነት ባህሊ ኣብ ግምት ብዘእቱው ኣገባብ ክሰርሕ ዝኽእል ተሓጋጋዚ ንኽግበረልካ ኸኣ ሕተት።

- ተሓጋገዝቲ ንዓኻ ወይ ንቆልዓኻ ብዝበለጸ ንኽሕግዙኻ ምእንቲ ክኽእሉ፣ ሓደ ሓደ ግዜ ሓበሬታ ምስ ካልእ ክካፈሉ ከምዝደልዩ ኣስተውዕል። ካልኦት ኣካላት ብዛዕባኻ ወይ ብዛዕባ ቆልዓኻ ዝምልከት ሓበሬታ ክቕበሉ ዘይትደልይ እንተድኣ ኮይንካ፣ ብዛዕብኡ ሓብር።



# 6. ነቲ ዝተዋህበ ምትሕብባር ምግምጋም፣ ብሓንሳብ ኮይና ድማ ተወሳኺ ምትሕብባር ኣድላዪ እንተ ኮይኑ ምውሳን።



- ሓገዝ ኣብ እትቕበልሉ እዋን፣ ምስቲ ተሓጋጋዚን ቆልዓኻን ብሓባር ብምዃን እቲ ሓገዝ ከመይ ይኸይድ ከምዘሎ ክትግምግሞ ትኽእል ኢኻ። እቲ ውጥን ዝሰርሕ ድዩ? ናትካን ናይ ቆልዓኻን ኣበርክቶ እትዋት ኣብቲ ውሳኔ ተጠቒሊሉ ኣትዩ ድዩ? ንስኻ ዝተሓገዝካ ኮይኑ’ ዶ ይስምዓካ/ ቆልዓኻ ዝተሓገዘ ኮይኑ’ ዶ ይስምዖ? ምስቲ ናይቲ ሓገዝ ዝነበረካ ትጽቢታት ዝሳነይ ድዩ? ብዛዕባ እዚ ንባዕልኻ ንኽትግምግም ክሕግዘካ ዝኽእል ‘ብዛዕባይን ብዛዕባ ቆልዓይን ዝምልከት ውሳኔ’ ዝብል መቆጻጸሪ-ሊስታ ድማ ኣሎ። ነቲ ሓገዝ ንምግምጋም፣ እቲ ምሃብ ሓገዝ ክሳብ ዝውዳእ ምጽባይ ኣየድልየካን እዩ። ኣብ ሞንጎ ኣብ ዘሎ ግዜ እውን፣ እዚ ክግበር ይከኣል እዩ።

- እቲ ዝወሃብ ሓገዝ ብኣገዳዲ መዳይ ምስዝኸውን፣ ብዛዕባ ምጭባጥ ናይቶም ስምምዕ ዝተገብረሎም ዕላማታት ብዝምልከት ንስኻ ክትግምገም ኢኻ። እንታይ ተማሂርካ ከምዘለኻ ኣርእይ/ጥቐስ፣ ዋላ እቲ ዝገበርካዮ ገስጋስ ንእሽተይ እውን እንተኾነ። ክትተሓባበርን ክትመሃርን ወይ ክትቕየር ትኽእል ምዃንካ ከተርእይ ድማ ኣገዳሲ ክኸውን ይኽእል እዩ።

- ብዛዕባ እቲ ሓገዝ እንታይ ከም እትሓስብን፣ ከምኡ እውን ምስትኽኻል ዘድልዮ ምዃኑን ዘይምዃኑን ብቕንዕና ሓብር። ከምኡ ምስ ዘይትገብር፣ ወላሓደ ነገር ዘይቕየር ንክኸውን እውን ተኽእሎ ኣሎ። እቲ ሓገዝ ሓጋዚ ምንባሩን ዘይምንባሩን፣ ከምኡ እውን ገና ተወሳኺ ሓገዝ ዘድልይ ምዃኑን ዘይምዃኑ ድማ ብሓባር ትውስኑ።

- ኣብዚ ነቲ ሓገዝ ደኣ እምበር ነቲ ተሓጋጋዚ ከም ሰብ ንኸይትነቕፎ ኣስተውዕል፣ ከምኡ እውን ኩሉ ግዜ ኣኽብሮት ብዘለዎ ቀጽል። ኣተርጎምቲ ነቲ ዝበልካዮ ቃል-ብቃል ከምዘለዎ ንኽትርጕምዎ ግዴታ ከምዘለዎም ኣብ ግምት የእትዎ።

- እትህቦ ርእይቶኻ ብዝምልከት ድማ ንጹርነት ይሃልኻ። ንኣብነት ገና ሓገዝ ትደልይ እናሃለኻ፣ ‘እታ ተሓጋጋዚት ሕያወይቲ እያ። ንሳ ቡን ትስትይን ተዕልልን እያ፣ እንተኾነ ግን ንዓይ ካብ ሕጂ ሓገዝ ኣየድልየንን እዩ’ ኣይትበል። ‘እታ ተሓጋጋዚት ኣነ እንታይ ብኻልእ ኣገባብ ክገብር ከምዘለኒ ኣይተርእየንን እያ። እዚ ንዓይ ሓጋዚ ኣይኮነን። ኣነ ከመይ ከምዝገብር ክርእዮ ኣለኒ፣ ልምምድ ክገብር ይደልይ እየ።’ እንተበልካ ዝሓሸ እዩ።

- ኣኽብሮት ብዘለዎ ኣገባብ ኣተሓሕዛ ዘይተገብረልካ፣ ወይ እቲ ካልእ ኣካል ዘይተረድኣካ ኮይኑ ምስ ዝስምዓካ፣ ‘እታ ተሓጋጋዚት ኣይትፈትወንን እያ’ ወይ ‘ዓሌተኛ እያ’ እንተዘይበልካ ዝሓሸ እዩ። ከምኡ ካብ ምባል ኣብ ክንድኡ ‘እታ ተሓጋጋዚት ኣብ ውልቃዊ ኩነተይን ኣብ ባህለይን ብዙሕ ተገዳስነት የብላን፣ በዚ ምኽንያት ድማ ንዓይ ጽቡቕ ገይራ ብሓሳብ ክትሕግዘኒ ኣይትኽእልን እያ። ኣነ ተገዳስነት ዘለዎ ተሓጋጋዚ እየ ዝደልይ’ ክትብል ትኽእል ኢኻ።

- መፍትሒ ክትረኽበሉ እንተድኣ ዘይከኣልካ ወይ እቲ ካልእ ኣካል ዘተረድኣካ ኮይኑ ምስ ዝስማዓካ፣ ንኻልእ ተሓጋጋዚ ክትሓትት፣ ወይ ንምስጢራዊ ኣማኻሪ ወይ ንስግረ-ባህላዊ ሞንጎኛ ክትውከስ ትኽእል ኢኻ።

- ጥርዓን ከተእቱው እውን ትኽእል ኢኻ። ንነፍስወከፍ ተቐዋም ሓገዝ ቆልዑት፣ ናይ ጥርዓናት ኮሚሽን ኣለዎ።

- ንኣገዳዲ መዳይ ሓገዝ ቆልዑት ዝምልከት ውሳኔ ናይ ዳኛ እውን ይግባይ ብምባል ክትምጉት ትኽእል ኢኻ። ነዚ ንምግባር ሓገዝ ጠበቓ ሕተት።



## ምዝዛም ሓገዝ

ምእንቲ ንስኻ ምስ ቆልዑትካ ብሓባር ብዘይ ሓገዝ ክትቕጽሉ ክትክእሉ፣ ነቲ ሓገዝ ንኽትዛዝሞ ብምዕላም ክትሰርሕ ኣገዳሲ እዩ። እቲ ዝተዋፈረ ሓገዝ ንዓኻ ወይ ንቆልዓኻ ንምሕጋዝ ዕዉት ዘይኮነ ወይ ዘይሰማማዕ እንተድኣ ኮይኑ ተረኺቡ፣ ብዛዕብኡ ምይይጥ ከም ዝህሉው ግበር፣ ንኣተሓሕዝኡ ብዝምልከት ብሓባር ለውጢ ግበሩ ወይ ብሓባር ናብ ምዝዛም ብምቕናዕ ስርሑ።

እዚ መብርሂ ኣብ መዳይ ፕሮጀክት Samen Sterk ዝተዳለወ ኮይኑ፣ ሓባራዊ ፕሮጀክት Nidos ከምኡ እውን ARQ Centrum’45 እዩ።

ብኤውሮጳዊ ሕብረት ዝተመወለ